# ዕዉት ሰሚናር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን
# ምስ ዞባ ደቡብ ጀርመን ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ተኻይዱ !

ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ብዕለት 04 ጉንቦት 2019 ንኣባላት ህዝባዊ ውድቤታት ዞባ ደቡብ ጀርመን (ሽቱትጋርትን ከባቢኡን፣ ፎርስሃይም፣ኡሉም፣ረልምስሃልደን፣ኑረንበርግ) ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን፣ ኣቶ ተኽለ ፋሲል ፡ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታትን ብድሕሪ ምኽፋት፡ ንተሳተፍቲን ንኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ምስ ተሳተፍቲ ኣኼባ ብምልላይ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ጽቡቕ ምንዮቱ ገለጸ።

ዶር ተስፋይ ዓብለሎም ኣብ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ናይቲ ዕለት ፕሮግራም ስለስቲኦም ኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን እቲ ሰሚናር ኣብ ሰለስተ ኣገደስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብምድላው ፡

1) መረዳእታ፣ ተልእኮን ቅርጺ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ሃ/ጀርመን
ብመንእሰይ ኣቶ ሃብቶም ኣር ኣያ ሓላፊ ማሕበራዊ ጉዳያት ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን

2) ዓንድ ሕጊን ፡ ኣሰራርሓን ሃገራዊ ሽማግለን
ሓላፊ ቁጠባውን ምያውን ሃ/ሽ/ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ መብራህቱን

3) ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ሃ/ሽ/ ፡ ውጥን ስራሕን ሃ/ሽ 2019
ዶር ተስፋይ ዓብለሎም ኣብ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ከምዘቕርብዎ ንተሳተፍቲ ብምሕባር ፡ ከም መእተዊ ኣብ ሓፈሻዊ ገመጋምን ንጥፈታት ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ከተማታትን ተሳታፍነትን ገለጸ።

ሰዒቡ መንእሰይ ኣቶ ሃብቶም ኣርኣያ ሓላፊ ማሕበራዊ ጉዳያት ሃ/ሽማግለ ጀርመን ኣብ መረዳእታን ዕላማን (ተልእኮን) ምምስራት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ዘቶኮረ ፡ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ ፡ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ብሓፈሻ፡ ብቐረባ እውን ምስ ንጥፈታትን ተልእኮን ተራ ኣብ ወጻኢ ዘሎን ዝነጥፍን ፡ ኤርትራዊ መነነት ምሕያል፡ ኤርትራዊ ኮምን ውዳቤታቱን ህዝብን ምንቃሕ ምውዳብን ምዕጣቕን፡ ማለት ዕጥቂ ብፍልጠትን ብዓቕምን ኮይኑ ሓበራዊ ምኹስኳስን ምዕባይን ፡ ከም ኡውን ተመልላእን ውሁደትን ዘለዎን ውዳቤ ብምህናጽ ኣድማዕነት ምርግጋጽ እዩ ክብል ኣስመረሉ።

ሓላፊ ቁጠባውን ምያውን ሃ/ሽ/ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ መብራህቱ ብምቕጻል ኣብ ዓንድ ሕጊን ፡ ኣሰራርሓን ሃገራዊ ሽማግለን ኣመልኪቱ ፡ ኣብ ሕጋዊ መዳያትን ውዳቤታትን ኣብ ጀርመን ፡ ቅዋም ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያንን ህሉው ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ ጀርመንን፡ መድረኻት ምዕባለ ዓለምናን ዘጠቓለለ ኣገዳሲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣቕረበ።

ዶር ተስፋይ ዓብለሎም ኣብ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ሃ/ሽ/ ፡ ውጥን ስራሕን ሃ/ሽ 2019 ኮይኑ ዕላማታትን ራእይን ሃ/ሽን፡ ምስ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ዘሎ ርክብን ቕርጽን ፡ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባት ሃ/ሽማግለን ምጥቃምን፡ ምምዝማዝን ጸጋታት ጀርመን ብዕቱብን ኣብ ዝብል ሰፊሕን ኣገድሳን ዝኾነ ኣጀንዳ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ብምቕራብ ብሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ዝካይደ ዘሎ እዋናዊ ሃገራዊ ሕምረትን ተልእኮ "ምህናጽ ውሁድን ጥሙርን ሓያልን ውሑስን ኤርትራዊ ኮማዊ ሓይሊ ዘረጋግጸሉ ዓላማ" ምዃኑ ድማ ዶር ተስፋይ ኣስመረሉ።

መረዳእታ፣ ተሳተፍቲ ሰሚናር ዞባ ደቡብ ጀርመን ብልዑል ኣቓልቦን ተገዳስነትን ብድሕሪ ምስማዕ ፡ ኣብ ነውሰወከፍ ዛዕባታት ሰፊሕ ናይ ከፋት ዘተን ሕቶን መልስን ብድሕሪ ምኪያድ ፡ ነዚ ኣገዳሲ ሃገራዊ ተልእኮ፡ ብግቡእ ብምርዳእ ንዓላማን መምርሕን ሃገራዊ ሽማግለን ንምትግባርን ንተወጢኖም ዘለዉ መደባት ሃገራዊ ሽማግለ ንምዕዋት ድልዋት ምዃኖምን ከም ወትሩ ድማ ኣብ ጎኒ መንግስትን ሃገሮምን ኮይኖም መኸትኦም ብምሕያል ካብኦም ዝድለ ሃገራዊ ግቡኣት ከማልኡ ተቀራብነቶም ኣረጋገጹ።

ጽንዓት ብጽንዓት ፡ ንልምዓት
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ዕለት 07.05.2019